<u>"ዝሞተ ኣድጊ ዝብኢ ኣይፈርሕን"</u>

ካብ ኣእምሮኡ ተዘናቢሉ እምኒ ዝድርቢ
ውሕውሕ ዝብል ከም ዝዓበደ ከልቢ
ቁም-ነገር ኣልቦ ዘረባ መላገቢ
ፖለቲካዊ ዕብዳን'ዩ ክፉእ ጸረ-ህዝቢ።

ኣንቱም ፍትሒ ረጊጽኩም ህዝቢ ጎሲኹም ክፉእ ትቓቕሑ
ፖለቲካዊ መንነት ዘይብልኩም ሓሶት ተባዝሑ
ጎይቶትኩም ከተሐጉሱ ምስ ህዝቢ ትራግሑ
ስኽፍ ዘይብለኩም ክሳድ ኣሕዋትኩም ትጕይሑ
ኣይትብዝሑስ ኣይመርገምን ኣይትርብሑ።

ልቦና እንተዝህሉ ሓሙት'ውን እንተዝህሉ
ጎይቶትኩም ከም'ዚ ሎሚ ብፖለቲካዊ ዕብዳን ከይተጸለሉ
ብሃብትን ህይወትን ህዝቢ ገበናዊ መሓውር ከይተኸሉ
ብዘይረሃጽሉ ሃብቲ ከይሰወዱ ከይጠለሉ
ዓገብ ምበልኩም'ሞ ዕንወት ከየውርዱ ብኣጋ ምተነቕሉ።

ግን …..

ኣንጊሁም ፈጣሪ ረሲዕኩም ኣብ ውልቀ ሰብ ምስ ኣመለኽኩም
በሉ ግበሩ ኣብ ዘዝተበሃልኩሞ ኣብ ገበን ምስ ጠሓልኩም
ንጌጋ ብጌጋ ክትእርሙ መን ከማና ምስ ጨራሕኩም
ንኢሱ ከተሐጉሱ ደም ንጹሃን ብሓሶት ምስ ኣፍሰስኹም
ዋጋ ዓስብኹም መሬት ህዝቢ ብግነያ ምስተዋህበኩም
ካን ሽቢዕኩም ካብ መስመር ሰብኣውነት ወጺእኩም
ፈራሓት ክንስኹም ዝመጽአ ይምጻእ ወሲንኩም።

ብሰንኪ ኀይተትኩም ህዝቢ ክከላበት ካብ ቤት ንብረቱ

ኣብ ዶባት ብፖሊሲ ተኲስካ ቅተል ክምልዓስ ብጥይት ኣሕዋቱ

ኣብ በረኻ ሰሃራ ብሁሮርማ ጸሓይ እናጠፍአ ንከንቱ

ኣብ ሓውሲ ደሴት ሲና ክምዝሓኽ ኮላሊቱ

ኣብ ባሕሪ ዜጋታት ብተነጻል ብጃምላ እንክጸንቱ

መንግስትኹም ከተሓጉሱ ናብ ኀይላ ትኹቱ

ንግዳያት ምልኪ ትኸሱ፡ ክብሪ ምልኪ ክትዕቅቡ ተወዲብኩም ትኹቱ።

ዝሞተ ኣድጊ ዝብኢ ኣይፈርሕን ከም ዝተባህለ

ኣዲታት ብሞት ደቀን ዓሊለን ምስተባህለ

ኣብ ቦሎኛ ኣብ ኀኒ ኩምራ ሬሳ ምስተባህለ ተሓንበለ

ኢ-ሰብኣዊ ተግባር መንግስትኹን ምስ ዓረገ ናብ ጽላለ

ርዱእ'ዩ ካብ ህዝብን ሕግን ከም ዝፈለለ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 16-08-2017